**Till dig som har haft kontakt med person som har covid-19**
Översättning till *Tigrinya*
Reviderad 2021-09-22

ተማሒሹ 2021-09-22
ምክልኻል ለብዒ ኣብ ዞባ ክሮነበሪ

REGION KRONOBERG

# ነቶም ምስ ኮቪድ-19 ዝተለኽፈ ሰብ ዝተራኸቡ ዝምልከት ሓበሬታ

**እቲ ዝተለኽፈን እቶም ዝተራኸብዎን ካብ ሓንቲ ስድራቤት እንተኾይኖም ነቲ ”ሓበሬታን ደንብታት ኣቀራርባን ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት” ዝብል ጽሑፍ ይመልከትዎ።**

**ኣብ'ዚ ቐረባ እዋናት ሓደ ዝተራኸብካዮ ሰብ ኮቪድ-19 ከም ዝተለኽፈ ስለ ዝተረጋገጸ ምናልባት ንዓኻ'ውን ለኺፍካ ክኸውን ይኽእል እዩ።**
**ወላ'ኳ ከም ዝተለኸፍካ ወይ ሕማም ከም ዝገበረልካ ርግጽ ኣይኹን፡ እቲ ለብዒ ናብ ካልኦት ንኸይላባዕ ልክዕ ከም ካልኦት ሰባት ሓላፍነትካ ክትወስድ ኣገዳሲ እዩ። ቫይረስ ኮረና ዝያዳ ተላባዒ ዝኾነሉ እዋን ምልክት-ሕማም ምስ ዝህልወካ እኳ እንተኾነ፡ ምልክት-ሕማም ከይገበረልካ ከሎ እውን ተላባዒ ክኸውን ይኽእል እዩ።**
**ካብ መልከፍቲ ክሳብ ሕማም ዝምዕብል ዘሎ ግዜ(እዋነ-ሕቑፎ) ካብ 2 ክሳብ 14 መዓልትታት ክፈላለይ ዝኽእል ኮይኑ፡እቲ ዝውቱር ድማ ኣስታት 5 መዓልትታት እዩ።**

**ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብምርመራ PCR ወይ antigen ዝተረጋገጸ ሕማም ኮቪድ-19 እንተ ነይሩካ እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ኣይምልከተካን እዩ። ብዝኾነ ምልክታት-ሕማም ከየጋጥሙኻ ክትከታተሎምን ምስ ትሓምም ክሳብ ትሓዊ ኣብ ገዛ ክትጸንሕ ከም ዘለካ ዘይምዝንጋዕ።**

**ክልቲኡ ክታበታት ብውሑዱ ቅድሚ ክልተ ሳምንቲ ወሲድካዮ እንተ ነይርካን ምልክት-ሕማም ኮቪድ-19 እንተ ዘይብልካን፡ እዚ ሓበሬታ'ዚ ንዓኻ ኣይምልከተካን እዩ። ምልክት-ሕማም ምስ ዘጓንፈካ ግን ኣብ ገዛ ብምውሻብ ምርመራ ውሰድ።**

**ዘይተኸተብካ እንተ ኾይንካ ግን ነቲ ዝተለክፈ ሰብ ካብ ዝረኸብካዮ ዕለት ኣትሒዙ ን14 መዓልትታት**

- ሕማም ኮቪድ-19 ክኾኑ ዝኽእሉ ምልክታት-ሕማም ከየጋጥሙ ኮነ ኢልካ ተኸታተሎም። ካብ'ዞም ምልክትታት-ሕማም እቶም ዝውቱራት ከም ረስኒ፡ ምስዓል፡ ቃንዛ ጐረሮ፡ ሕማም-ርእሲ፡ ቃንዛ ጭዋዳ፡ ነድሪ-ኣፍንጫ፡ ዝተዳኸመ ዓቕሚ ምሽታትን ምስትምቓርን ከም'ኡውን ጸገማት ከስዐን ውጽኣትን እዮም። ወላ ቅልል ዝበለ ምልክት-ሕማም ምስ ዘጋጥመካ፡ ብኡንብኡ ካብ ካልኦት ሰባት ተወሺብካ ክትርሕቕ ኣለካ። ምርመራ ንኽትወስድ ነቲ ናትካ ማእከል ክንክን-ጥዕና ተወከሶ። ትወስዶ ምርመራ ከም ዘይተለኸፍካ እኳ እንተ ሓበረ፡ ምልክታት-ሕማም ከየጋጥሙኻ ተኸታተሎም። ሓድሽ ምልክት-ሕማም ምስ ዘጋጥመካ ዳግማይ ገምጋም ንኽግበረልካ ነቲ ማእከል ክንክን-ጥዕና ተወከሶ።

**ከምኡ'ውን ነቲ ዝተለኽፈ ሰብ ካብ ዝረኸብካዮ ዕለት ጀሚርካ ን7 መዓልታት**

- ብዝተኻእለ ምስ ኣዝዮም ሒደት ሰባት ክትራኸብን ካብ ምስ ካልኦት ሰባት ዘራኽቡ ንጥፈታት ትርፊ-ግዜ ክትቍጠብን ኣለካ። ካብ'ቶም ግድን ክትረኽቦም ዘለካ ሰባት'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ውሻጠ ይኹን ኣብ ግዳም፡ ርሕቐትካ ክትሕል(2 ሜትሮ) የድሊ። ምልክት-ሕማም ከየተረኣየካ ከሎ'ውን ተላባዒ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ።

- ዝከኣል እንተኾይኑ ኣብ ገዛኻ ኮይንካ ስራሕ። እዚ ዘይከኣል ምስ ዝኸውን ግና፡ ኣብ ናይ ስራሕ-ቦታኻ ካብ'ቶም መሳርሕትኻ ፍንትት ኢልካ ክትሰርሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን።
  ቈልዑ ይኹኑ መንእሰያት ምሉእ ጥዕና ምስ ዝህልዎም፡ ናብ መዋእለ-ሕጻናት ወይ መባእታዊ ቤ/ት ወይ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ክኸዱ ይኽእሉ እዮም።

**ነቶም ምስ'ቲ ዝተለኽፈ ሰብ፡ ካብ 2 ሜትሮ ዝውሕድ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ካብ 15 ደቓይቕ ብዘይውሕድ፡ ጥቡቕ ርክብ ዝገበሩ ሰባት**

(እዚ ነቶም ኣብ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ ይምልከቶም)

- ንለብዒ ኮቪድ-19 ከም ዝተቓላዕኻ ምስ ፈለጥካ ብቐጥታ ምርመራ ውሰድ። 5 መዓልትታት ድሕሪ እቲ ዝተለኸፈ ሰብ ምስ ምርመራ ምውሳዱ ድማ ካልኣይ ምርመራ ውሰድ።ምርመራ ንምውሳድ ነቲ ናትካ ማእከል ክንክን-ጥዕና ተወከሶ።

- ክሳብ መልሲ ዝመጽእ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ገዛ ኾይንካ ምስራሕ። እዚ ዘይከኣል ምስ ዝኸውን ግና፡ ኣብ ናይ ስራሕ-ቦታኻ ካብ'ቶም መሳርሕትኻ ፍንትት ኢልካ ክትሰርሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን።

- ተምሃሮ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ትምህርቲ መልሲ ክሳብ ዝመጾም ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ከም ዝኽእሉን ግና ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ንዝግበሩ ንጥፈታት ትርፊ-ግዜ ክሳተፉ የብሎምን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኮቪድ-19 ኣብ'ዚ ኣንብብ፡ www.1177.se/Kronoberg/corona